interaxion

# መምርሒ ገዛ ንምድላይ

## ኣበይን ከመይን ኢኻ ገዛ ትረክብ እንታይከ ከተስተውዕል ይግብኣካ፧

ደረጃ 1 - 10


1. እንታይ ኢኻ ትደሊ፧
2. ኣበይ ኢኻ ገዛ ትረክብ፧
3. ሓደ ገዛ እንታይ ጠለባት ከማልእ ኣለዎ፧
4. ዝርዝር መዘኻኸሪ – ነቲ ዘካርይካ ሰብ ኣየኖት ሰነዳት ኢዮም ዘድልይዎ፧
5. ጋዛ ክትርኢ ከለኻ ኣብ ምንታይ ከተስተውዕል ይግብኣካ፧
6. ዝርዝር መዘኻኸሪ – መታን እቲዋጋ ክኽፈለልካ ኣይኖት ሰነዳት ኢዮ ዘድልዩኻ፧
7. ናይ ክራይ ውዕልን ገዛ ምርኽኻብን- እንታይ ክትፈልጥ ይግብኣካ፧
8. ዝርዝር መዘኻኸሪ – ገዛ ምርኽኻብ
9. እቲ ዝስዕብ ስጉምቲ እንታይ ኢዩ፧
10. ብብዝሒ ዝቐርቡ ሕቶታት
11. ናይ ኢንተርነት ኣድራሻታት (Links)
12. ኣድራሻታት ኣባይቲ ህንጻ ማሕበራት (WBG)


Stand: 10.01.2020

# 1 እንታይ ትደሊ ኣለኻ፧

## ናይ በይንኻ ገዛ

- ናይ ውልቅኻ ቦታ
- ምስ ስድራኻ ብሓባር
- ብዛዕባ ናይ ገዛ ንዋት ወይ ኣቑሑት ውሳነ ብሙሉኡ ናትካ/ናትኩም ኢዩ

## ናይ ሓባር ገዛ

ሓደ ክፍሊ ኣብ ናይ ሓባር ገዛ እንተደሊኻ ናብ fluechtlinge-willkommen.de (ናይ ሓባር ገዛ ንስደተኛታት ንምክራይ ዘራኽቡ ናይ ኢንተርነት መድረኽ) ኣመልክት

### ናይ ሓባር ገዛ

- ናትካ ክፍሊ
- ናይ ሓባር ክፍልታት (ክሽነ፣ ሽቓቕ…) ምስተቶም ካልኦት ብሕባር/ብሓንንሳብ ኢኻ ትጥቀም
- ኣብ በርሊን ኣዝዩ ዝውቱር ኮይኑ፣ ብሕልፊ መንእሰያት (ተማሃሮ ዩንቨርስቲ) ይጥቀሙሉ

ኣወንታዊ ገጸባህርያት:

- ካብ ናይ በይንኻ ገዛ ይሓስር
- ክግዝኡ ዝግብኦም ነገራት ብናይ ሓባር ወጻኢ ይሸፈኑ
- ርክብ ምስመናብርትኻ፣ ብብዝሒ ኣብ ተመሳሳሊ ዕድመ ዝርከቡ ስለዝኾኑ ምሕዝነት ይፍጠር (ብሓባር ምግቢ ምዳላውን ሓቢርካ ብምዝዋር/ብምጉዓዝን ወዘተ)
- ከም ምጽራይ ዝመሰሉ ሕላፍነታት ምስ መናብርትኽእ ተኻፊልኩም ኢኹም ትሰርሕዎም
- ብብዝሒ ካብ ናይ በይንኽ ገዛ ምርካብ ይቐልል

## ደባል ወይ ኣብ ትሕቲ ተኻራያይ ገዛ ምክራይ

- ዋና ገዛ ዘካርዮም ገዛውቲ
- ዝተፈላለየ ዓይነት ተኽእሎታት: ኣብ ሓደ ገዛ ምስ ዋና ገዛ ወይ በይንካ ክትቅመጥ ትኽእል
- ነቲ ገዛ ክትቀያይሮ ምስትደሊ ብቐረባ ምስ ኣካርዪ ናይ ምዝርራብ ተኽእሎ ይህልወካ
- ብብዝሒ ድሩት ዝኾነ ናይ ምክራይ ግዜ ኣለዎ

2

# ኣበይ ኢኻ ገዛ ትረክብ፡

## ጽፍሒ ወይ ቦታ ኣብ ኢንተርነት

- immobilienscout24.de
- immowelt.de
- immonet.de
- kalaydo.de
- kleinanzeigen.ebay.de/anzeigen
- wohnungssuche-berlin.net
- immonet.morgenpost.de
- tagesspiegel.immowelt.de
- immobilo.de
- www.immobilien.de
- www.immobilienmarkt.de
- www.immopool.de
- www.wohnfinder.de
- www.gimmo.de
- www.nestoria.de

## ማሕበር ህንጻ ኣባይቲ/ ምምሕዳር ኣብይቲ

- degewo.de
- gesobau.de
- gewobag.de
- howoge.de
- stadtundland.de
- wbm.de
- deutsche-wohnen.de
- immodelfin.com
- evmberlin.de
- berlinovo.de
- eurix.de/wohnen/mieten
- evangelisches-johannesstift.de
- tag-wohnen.de
- rec-hausverwaltung.de
- hachmann-hausverwaltung.de
- vegis-immobilien.de
- mittelpunkt-immobilien.de
- ziggel-immobilien.de
- wohnungsbaugenossenschaften.de/
- hws-berlin.de

ንምሉእ ሓበሬታ ብዛዕባ Treptow-Köpenick ኣብቲ መወዳእታ ዝስዕብ ገጽ/ለጠፍ ርአ

## Facebook

- በርሊን ብዘይ ናይ ደላላይ ዋጋ
- ነጻ ገዛ ኣብ በርሊን
- ናይ በይንኻ ገዛን ናይ ሓባር ገዛን
- ሓደ ክፍሊ ኣብ ናይ ሓባር ገዛ ኣብ በርሊን፣ ሓደ ክፍሊ ኣብ ናይ ሓባር ገዛን ናይ በይንኻ ገዛን ኣብ በርሊን
- ናይ በርሊን ናይ ገዛ ዕዳጋ

(engl) Rooms/ Housing/ WGs / Accommodation Berlin

መድለዪ ቃላት: Wohnung, Flat, appartment, accomodation, Mietwohnungen

## ምልክታ ኣብ ጋዜጣ

- Berliner Morgenpost
- Der Tagesspiegel
- Berliner Zeitung
- Zweite Hand
- zitty
- tip

3

# ሓደ ገዛ ኣየናይ ጠለባት ከማልእ ኣለዎ፧

## ዕብየት

ዝተምጣጠነ መምርሒ: 1 ክፍሊ ንሓደ ሰብ (ብመጠን ዕብየትን ኣቆራርጻን ተርእዩ ድማ ካብ ክልተ ሰብ ንላዕሊ ኣብ ሓደ ክፍሊ ይከኣል ኢዩ (ንምሳሌ ጽምዲ ወይ የሕዋት)

-  ትሕቲ 6 ዓመት፧ 10 ትርብዒት ሜትሮ
-  ልዕሊ 6 ዓመት፧ 12 ትርብዒት ሜትሮ

## ገደብ ግዜን መጠን ገንዘብን

እቲ ዝኽፈል ክቡር



| | |
|---|---|
| = | 505,80 € |
| = | 594,00 € |
| = | 752,64 € |
| = | 846,72 € |
| = | 1.272,96 € |
| + | 149,76 € |

ክራይ (ብዘይ ናይ ገዛ መውዓዪ)

➕ ስራሕ ንምክያድ ዝኽፈል ዋጋ

(ጀርዲን ምክንኻን፣ መጎሓፍን ወዘተ)

እቲ ክፍሊት ነቲ 20 % ተወሳኺ ዋጋውን የጠቓልል ኢዩ። ብናይ ገዛ መምርሒ ሕጊ መሰረት እቲ ተወሳኺ ዝኽፈል ዋጋ ንገዛ ኣልቦ ዝኾኑ ወይ ገዛ ኣልቦነት ንዝጸልዎም ሰባት ይምልከት „እንድሕር ብኡኡ ምኽንያት ኣብ ናይ ንግዳዊ ይኹን መንግስታዊ ቦታ ንመንበሪ ዝኽፈል ክቡር ዋጋ ዝቋረጽ ወይ ዝተርፍ ኾይኑ“

- ብዘይ ኣቑሑት: ካብ ክልተ ዓመት ክሳብ ዘይተወሰነ ግዜ
- ምስ ኣቑሑቱ/ከፊል ኣቑሑት ዘለዎ፡ ብውሑድ ናይ ሽዱሽተ ወርሒ
- ዝርዝር ሓበሬታ:
  - berlin.de/sen/soziales/themen/soziale-sicherung/grundsicherung-fuer-arbeitssuchende-hartz-iv/av-wohnen/ dort auf FAQ zu Neuerungen erhältlich
  - fluechtlingsinfo-berlin.de/fr/pdf/Mietobergrenzen_2018.pdf
  - berlin-hilft.com/2017/11/27/alle-infos-zur-neuen-av-wohnen-ab-01-01-2018/

እቲ ክራይ ብዘይ ናይ ገዛ መወዓዪ ካብቲ ዝግባእ ዋጋ ንላዕሊ ክኸውን የብሉን

## ትሕጃ

- እቲ ዝምልከቶ ናይ ስራሕ ማዕከን (ጆብሰንተር) ነቲ ትሕጃ ይኸፍሎ (ናይ ልቓሕ ውዕል)
- እንተበዝሐ ክሳብ ናይ ሰለስተ ወርሒ ናይ ክራይ ብዘይ ናይ ገዛ መውዓዪ፣ ብዘይ ናይ ጀርዲን ምክንኻንን፣ መጎሓፍን

## መውዓዪ

| | መውዓዪ ዘይቲ | ጋዝ | ካብ ምድሪ ዝመንጨወ ሙቐት |
|---|---|---|---|
| 1 ሰብ | 68,00 | 55,50 | 76,50 |
| 2 ሰብ | 81,60 | 66,60 | 91,80 |
| 3 ሰብ | 108,80 | 88,80 | 122,40 |
| 4 ሰብ | 122,40 | 99,90 | 137,70 |

- እዋናዊ ዝርዝር መግለጺ ኣብ መወዳእታ ገጽ
- ኣብ ናይ ሓባር ናይ ማይ ኣጠቓቕማ + 7 €
- ክራይ ብዘይ ናይ ገዛ መውዓይ ዋጋኡ ዝተመጣጠነ ክኸውን ኣለዎ

# ዝርዝር መዘኻኸሪ

## ነቲ ዘካርየካ ሰብ ኣየናይ ሰነዳት ኢዮም ዘድልዮ፧

| እንታይ | መግለጺ | ዝርዝር | Check |
|---|---|---|---|
| **ብጽሑፍ**<br>(ኣቲ ዝሓሸ ኢዩ) | - ንነብስኻን ስድራኻን ኣላሊ<br>- ንምንታይ ነዚ ገዛ ከምዝደለኻዮ/ከምዝደለኽዮ ትዛረብ | ከኸውን ዝኽእል፡<br>- ስራሕኩም እንታይ ኢዩ፧<br>- ኣብ ዓድኻ እንታይ ትገብር ኔርካ፧<br>- ናይ ጀርመን ቋንቋ ትምርቲ ትመሃር ኣለኻዶ፧ ትመሃር እንተለኻ ኣብ ኣየናይ ደረጃ በጺሕካ፧<br>- ደቅኻ ትምርቲ ይኸዱ ድዮም፧ ናይ መጻኢ ትምኒት ኣለዎምዶ፧ | |
| **ናይ ደለይቲ ቅጥዒ** | - ኩሎም ኣካረይቲ ኣይኮኑን ነዚ ቅጥዒ እዚ ዝደልዩዎ<br>- እቶም ዘድልዮም ንክትመልኦ ከሓቱኻ ኢዮም | - ብዛዕባ ቁጽሪ ናይ ተኻረይቲ፣ ናይ ስራሕ ዓይነት፣ ደሞዝ፣ ዘለካ እንስሳ ዘቤትን ወዘተን ይሕተት | |
| **ቅዳሕ ናይ መንበሪ/መንነት ወረቐት** | Aufenthaltsgestattungን ካልእ መንበሪ ፍቓድን | መረጋገጺ ብዛዕባ መንነትካ | |
| **ዕዳ ናይ ከራይ ገዛ ከምዘይብልካን ነጻ ሰብ ምኻንካን** | መርጋገጺ ናይ ገዛ ከራይ ዕዳ ከምዘይብልካ | ካብቲ ትነብረሉ ቦታ ከወሃበካ ኢዩ | |
| **SCHUFA** | ሓበሬታ ብዛዕባ „ናይ ምኽፋል ብቕዓትካ/ተኣማንነትካ" (ዝመጸካ ሕሳብ ኮትከፍል ብቑዕ ምኳንካን ንመጻኢውን ከመትኽእልን ዝሕብር) | - ወይ ሽዑንሽዑን ወይ ድማ ድሕሪ ቁሩብ መዓልታት ብኢንተርነት ወይ<br>- ኣብ Postbank ወይ Volksbank ወይ 30 € ከፊልካ ይወሃበካ ወይ ብነጻ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ክሳብ ኣርባዕተ ሰሙን ይስደደልካ | |
| **ናይ ትወስዶ ገንዘብ መረጋገጺ** | እንተዘይትሰርሕ ኩንካ ብመንግስታዊ ደረጃ ዝወሃበካ ሓገዝ መርጋገጺ | ካብ LAF (ሶሻል) ወይ ጆብሰንተር ይወሃበካ | |
| **ገዛ ንክትካረ ዝወሃብ ፍቓድ** | ኣብ LAF እንተለኻ ጥራይ | እዚ ፍቓድ እንተደንነየ፡ ድሕሪ ሽዱሽተ ወርሒ ኣብ ናይ ስደተኛታት መዕቆቢ ምንባርካ ኢዩ ዝወሃብ | |
| **ናይ ደሞዝ መረጋገጺ** | ትሰርሕ እንተኾንካ ጥራይ | ቅዳሕ ናይ ሰለስተ ወርሒ ደሞዝ መረጋገጺ | |
| **ናይ ዩንቨርስቲ ከምትመሃር ዝሕብር መረጋገጺ** | ዩንቨርስቲ ትመሃር እንተኾንካ ጥራይ | እቲ መረጋገጺ ካብቲ ትመሃረሉ ቦታ ከወሃበካ ኢዩ | |

5

# ጋዛ ክትርኢ ከለኻ ኣብ ምንታይ ከተስተውዕል ይግብኣካ፡

ሕቶታትን ሰነዳትን

- ሓደ መዝገብ ናይ „ዝርዝር መዘኻኸሪ ንኣካረይቲ“ (ገጽ 4) ኣዳሊኻ ናብቲ ናይ ገዛ ምርኣይ ሒዝካዮ ምጻእ (ቅዳሕ/ኮፒ)
- ኩሎም ብዝዕባ እቲ ቀረብ ኣድለይቲ ዝኾኑ ሕቶታት ኣቕርብ „ዝርዝር መዘኻኸሪ ንቤት ጽሕፈታት“ ኣገደስቲ
  - ካብቶም ኣካረይቲ ምስ ኩሉ ዳታ ዝተመልአ ቀረብ ክውሃበካ ጥለብ
  - ዋጋ ናይ ክራይ፣ ቁጽሪ ናይቶም ክፍልታትን ዕቤት ናይቲ ገዛን ኣጻርዮ
  - ህሉው ኩነታት ናይቲ ገዛ ከምቲ ኣብቲ ቀረብ/ምልክታ ዝቐረበ ድዩ፧
  - እቲ ገዛ ተዓራርዩ ድዩ፧
  - ማዕጾታትን ፍኒስትራታትን/መሳኹትን ይዕጸው ድዮም፧
  - ናይ ምህድሃድ/ምዕሳው ምልክት ኣይርአን ድዩ፧
  - ኣቲ ኤለትሪክ ይሰርሕ ኣሎድዩ፧
  - ኣቶም ናይ ማይ ቡምባታት ይሰርሑ ኣለው ድዮም፧

ምኽሪ/ክፍለ ጥ ዝግብኦ ነጥቢ

ምስቶም ኣካረይቲ ክትረዳዳእ ትኽእል እንተኾንካ ሕተት፡ እንተዘይኮይኑ ጀርመን ዝኽእል ተርጓማይ ሒዝካ ኺድ

ቅድሚ ናይ ክራይ ውዕል ምፍጻም ገንዘብ ከይትኸፍል!

# ዝርዝር መዘኻኸሪ

## መታን እቲ ዋጋ ክኽፈለልካ፡ ኣየኖት ሰነዳት ኢዮም ዘድልዩኻ፧

| እንታይ | መግለጺ | ዝርዝር | Check |
|---|---|---|---|
| ንዓኻ ዝተዳለወ ቀረብ | - ኩሉ ኣድላዪ ዝኾነ ሓበሬታ<br>- ኣካርዪ ነቲ ቀረብ ክፍርመሉ ኣለዎ (ናይ ትካል ማሕተም ውን ክህልዎ ኣለዎ) | - ኣድራሻ ናይቲ ገዛ<br>- ከራይ ዝጅምረሉ<br>- ዕብየት ናይቲ ገዛ (ናይቲ ክፍሊ)<br>- ቁጽሪ ናይ ክፍሊታት<br>- WBS የድልዩ ድዩ?<br>- መሰረታዊ ዋጋ ከራይ (ብዘይ ናይ ገዛ መውዓዪ፣ ናይ ጀርዲን ምክንኻንን፣ መንሓፍን)<br>- ዋጋ ናይ ጀርዲን ምክንኻንን መንሓፍን (Betriebskosten)<br>- ዋጋ ናይ መውዓዪ ናይ ገዛ<br>- ትሕጃ<br>- ዓይነት ናይ ገዛን ናይ ማይን መውዓዪ<br>- ዕብየት ናይቲ ገዛ ዘለዎ ህንጻ<br>- እቲ ገዛ ሰብ ክነብረሉ ኣብ ዝኽእል ኩነታት ድዩ ዝርከብ?<br>- ጋዘን (መስርሒ ምግቢ) መሕጸብ ኣቑሑትን ኣለዎዶ?<br>- እቲ ገዛ፡ ክፉል ወይ ምሉእ ኣቑሑት ኣለዎድዩ፤ | |
| ብውልቂ (ካብ ዋና) ዝካረ ገዛ | ዋና ምዃኑ መረጋገጺ | - ሊብረቶ ናይ ገዛ<br>- ናይ ዋንነት መግለጺ (ንዕኡ ዝኸውን ቅጥዒ ኣብ LAF ይርከብ) | |
| ብደባልነት ምክራይ | ፍቓድ ካብቲ ቀንዲ ኣካርዪ (ንዓኻ ዘካርየካ ሰብ ካብቲ ዋና ገዛ ዘምጽኦ ፍቓድ) | - ቅዳሕ ናይቲ ቀንዲ ክራይ ውዕል ንመነጻጸሪ፡ መታን ክተጻርዮ<br>  ○ ኩትከፍሎ ዝግብኣካ ክራይ ዝተመጣጠነ ድዩ፡ ኣዝዩ ክቡር ኣይኮነን?<br>  ○ እቲ ገደብ (እቲ ገዛ ንክንደይ ግዜ ክምትካረዮ) ከመይ ኢዩ ተወሲኑ፤<br>  ○ መንዩ ነቲ ገዛ ዝካረዮ?<br>  ○ ኩሎም ፈሪሞምዶ? | |

ምልክታ ናብ LAF (ቤትጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታት

ምልክታ ናብ ጆብሰንተር/ናይ ስራሕ ማዕከን

1 ምልክታ ምቕራብ:
Darwinstraße 14-18, 10589 Berlin

2 እቲ ናይ ክራይ ውዕል፡ እቲ ገንዘብ ከምዝኽፍሉልካ ዝውሃበካ መርጋገጺክትወስድ ከለኻ ይፍረም

3 ምስቲ መረጋገጺ ናይ ዕድመ ቆጸራን ናይ ክራይ ውዕልን፡ ኣብቲ ገንዘብ ንክትወሃብ ዘለካ ቆጸራ ናይ (LAF) □ ናይ ክራይን ትሕጃን ንክኽፈለልካ ውሳኔ ይመሓላለፍ

ፍቓድ ካብ ጆብሰንተር ምምጻእ

1 ናይ ክራይ ውዕል ምፍራም

ነቲ ናይ ክራይ ውዕል ናብ ጆብሰንተር ምውሳድን

2 ንመንበሪ ዝኽፈል ዋጋ ክልተ ግዜ መመልከቲ ከተእቱ ኣለካ:
ናይ ቀዳማይ ወርሒ ክራይ እቲ ዘለኻዮ ጆብሰንተር ኢዩ ዝሽፍኖ
ናይ ካልኣይ ወርሒ ክራይን ካልእን ድማ እቲ ገዛ ምስቀየርካ ትኸዶ ጆብሰአንተር ኢዩ ዝኸፍሎ።
እንድሕር ካብቲ ከባቢ ቀይርካ፡ ከምብሓዱሽ ከተመልክት ኣለካ

7

# ናይ ክራይ ውዕልን ገዛን ምርኽኻብን፡- እንታይ ክትፈልጥ ይግብኣካ፡

## ናይ ክራይ ውዕል

ትሕዝቶ:

- ኩሎም ኣብቲ ውዕል ዝፍርሙ ምስ ኣስማቶም
- ዋጋ ክራይን ትሕጃን
- ኩሉ ዝካረ ክፍልታት (ክሽነ፣ ሽቓቕ፣ 2 ክፍሊ፣ ኮሮዶዮን...)
- ክራይ ዝጅምረሉ ግዜን እንተለዎ ድማ ገደቡን
- ናይ ገዛ መዝገብ ምስ ጉድለቱ (ብኣካረይቲ ክዕረዩ ዝግብኦም ነገራት ምምዝጋብ)  ብዝበለጸ ምስ ካልኣይካ ብዛዕባ እቲ መዝገብ ክምስክር ዝኽእል ሰብ ኪድ

ብዝያዳ ምስትውዓል ዘድልዮም:

- ገደብ ኣብቲ ውዕል?
- መጠን በብግዚኡ ዝውስኽ ክራይ?
- ኣቐዲምካ ብዛዕባ ኩነታት ምሕዳስ ገዛ ምጽራይ (ንምሳሌ: ኣካራዪ ፍኒስትራታት/መሳኹትን መውዓይን እንተየዕርዩ ክራይ ክውስኽ መሰል ኣለዎ ድዩ?)

ኣገዳሲ:

- ብዘይ ቅብሊትን ርትዓዊ ዕዮን ገንዘብ ኣይትኽፈል - ብዝያዳ ብዘይምርግጋጽ ወይ ክኸውን ይኽእል ኢዩ ብምባል!
- ዘይተረድኣካ ውዕል ኣይትፈርም
- ኩሉ ብጽሑፍ ሓዞ

## ገዛ ምርኽኻብ

- እቲ ገዛ ንስኻን ኣካረይትን ምርኣይ
- ህልው ኩነታት ናይቲ ገዛ ኣብ መዝገብ ይተሓዝ
- ክልቲኦም ወገን ነቲ መዝገብ ይፍርሙሉ
- ካብቲ ገዛ ክትወጽእ ከለኻ፡ እቲ ዝኸፈልካዮ ትሕጃ ይምለሰካዶ ኣይምለሰካን፡ በቲ ዝተታሕዘ መዝገብ መሰረት፡ ንስኻ ክትከፍሎ ዝግብኣካ ብልሽት ምህላው ተራእዩ ኢዩ ዝውሰን
- ኣየናይ ብልሽት ወይ ጉድለት ብኣካርዩ ክዕረ ከምዝግባእ ኣብ መዝገብ ይተሕእዝ
- ምስ ኣከራዩ ክረዳዳእ ዝኽእል ሰብ ሒዝካ ኺድ (ኣብቲ Integrations*lotsinnen/ ናይ ምውህሃድ ተሓባበርቲ ሕተት:
    - integration@offensiv91.de I
    - zfdtk.de/images/1_PDF/3_IntLot/flyer-int-lots-mehrsprachig.pdf
- ናይ ተኻረይቲ ማሕበራት ኣብቲ ዘየተኣማምነካ ነገራትን ሕቶ እንተለካን ይተሓባበሩኻ/ ይሕግዙኻ ኢዮም

# ዝርዝር መዘኻኸሪ

## ገዛ ምርኽኻብ

| ኣብምንታይ ከተስተውዕል ይግብኣካ? ኣየኖት ሕቶታት ከትቐርብ ኣለካ፧ | ምርግጋጽ |
|---|---|
| ኣብቲ ገዛ ካብ ሰብ ከጥቀመሉ ዝኽእል ወጻኢ ዝኾነ ናይ እርጋን ምልክት ኣለዎድዩ፧<br><br>- እቲ ገዛ ምዕራይ የድልዮድዩ?--> ናይ ጽሑፍ ውዕል ከግበር ኣለዎ<br>- ቅድሚኻ ዝነበሩ ተኻረይቲ ነቲ መንደቕ ለኺዮም ከይድፍዎ ኣለዎም | |
| ቅልል ዝበለ ምትዕርራይ ከግበር ኣልዎድዩ፧ እንታይ ዓይነት ስምምዕ ተወሲዱ ኣሎ፧ | |
| ኩሉ መውዓይ ናይ ገዛ፣ ኤለትሪክን ጋዝን (መስርሒ መግቢ) ይሰርሕ ኣሎዶ፧ | |
| ኪጋጥም ዝኽእል ብልሽት ወይ ጉድለት:<br>- ናይ መንጸፍ ማከያ፣ ዝተሰብረ ማርሞ (ናይ መንደቕ ይኹን ናይ መሬት)፣ ዝተበላሸወ ካብ ጎማ ወይ ዕንጨይቲ ዝተሰርሐ ባይታ<br>- ፍኒስትራ፡ ኩሉ ክዕጾ ይኽእልድዩ፧ ኣሪጉድዩ፧ እቲ ቤትሮ ከመይ ኢዩ ተሰሪሑ፧<br>- ኪራሚክ፡ እቲ መሕጸቢ ገጽ (ለባንዲኖ)፣ ሽቓቕ፣ መሕጸብ ነብሲ ባስካ ኣጸቢቕካ ር ኣዮ። ነቓዕ ኣልዎድዩ፧ ቡምባ ናይ ማይ ይፈስስ ኣሎድዩ፧ እቲ ትቦታት ጥዑይድዩ፧<br>- ናይ ምዕሳው/ምህድሃድ ምልክት ይርኣድዩ፧ | |
| እቲ ኣብ ትሕቲ ምድሪ ዘሎ ክፍሊ/ መኻዚኖ ጥርሑ ድዩ፧ እቲ ገዛ ጽሩይድዩ፧ | |
| **ኣብ መዝገብ (ፕሮቶኮል) እንታይ ክጸሓፍ ኣለዎ፧** | |
| ዕለት፣ ሽምን ኣድራሻን ናይ ተኻራይን ኣካራይን፣ ኣድራሻ ናይቲ ገዛ | |
| ቅድሚ ምፍራምካ ጽቡቕ ጌርካ ኣንብቦ፡ ደጊምካ ኩሎም ነጥብታት ርኣዮም። | |
| ኩሉ ዝተበላሸወ፣ ዝጎደለን ንዕኡ ዝምልከት ውዕልን ክትሓዝ ኣለዎ | |
| እቲ ናይ ማይ፣ ናይ መውዓይን ናይ መብራህትን ቆጻሪ ክምዝገብ ኣለዎ | |
| ቁጽሪ ናይ ዝተቐበልካዮ መፍትሕ (ናይቲ ህንጻ፣ ናይ ገዛ፣ ናይ መኻዚኖ ናይ ፖስታን ወዘተን) | |
| ንመጻኢ ግዜ ንክስራሕ ዝተኣተወ ውዕል | |
| እቶም ኣካረይቲ ፈሪሞምዶ፧<br>እቲ ናይቲ ገዛ ሰራሕተኛ እንተፈሪሙሉ ጥራይ እኹል ኣይኮነን | |
| ኣብ ወዳኢታ ቅዳሕ ናይቲ መዝገብ ክወሃበካ ሕተት | |
| ምኽሪ/ማዕዳ | |
| ምስክር ክኾነካ ዝኽእል ሰብ ሒዝካ ኺድ | |
| እቲ መብራህቲውን ኣስተውዕሉ፡ ናይ ቀትሪ መብራህቲ ዝመስልን ሓይሉ ብርትዕ ዝበለ ክኸውን ይምረጽ | |
| ብልሽት ብስእልን ብጽሑፍን ሓዝ | |
| ኩነታት ናይቲ ገዛ እኹል ግዜ ወሲድካ ኣስተውዒልካ ርኣዮ | |

# እቲ ዝስዕብ ስጉምቲ እንታይ ኢዩ፧

## ናይ መጀመርያ ኣቑሑት

ንናይ መጀመርያ ናይ ገዛ ኣቑሑት መግዝኢ ዝስላዕ ገንዘብ ይወሃበካ ኢዩ:
**ኣብ ጆብ ሰንተር**:
መመልከቲ ትመልእ - እቲ መስርሕ ቁሩብ መዓልታት ይወስድ
**ኣብ LAF (ኣብያተ ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታት)**:
ኣብቆጸራኻ መምርሒ ብዛዕባ ናይ ክራይን ትሕጃን ይወሃበካ

## ናይ ሑስር ዋጋ ኣቑሑት

- ebay-kleinanzeigen.de/
- Facebook-Gruppe “Möbel spenden für Flüchtlinge„ „ወፈያ ኣቑሑት ንስደተኛታት“ * BERLIN” und “Free your stuff Berlin”
- Sozialkaufhäuser

ሓገዝ ብተወሳኺ ሓበሬታ:
interaxion-tk.de/index.php/de/blog/wohnraum/219-guenstige-moebel-in-berlin-finden-2

## ውዕል

- ናይ ኤለትሪክ፣ ናይ ኢንተርነትን ጋዝን
- ብዛዕባ ናይ ገዛ ኣቑሑት መድሕን ውን ሓበሬታ ውሰድ

## ምምዝጋብ

ኩሉ ሰብ ኣብቲ ናይ ከባቢ ህዝባዊ ኣብያተጽሕፈት/Bürgeramt ክምዝገብ ኣለዎ

**ኣብ LAF (ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታት)**:
- ናይ ስደተኛታት ህዝባዊ ኣብያተጽሕፈት ኣብ Mitte (Rathaus Tiergarten, Mathilde-Jacob-Platz 1, 10551 Berlin; ተሓታቲ ኣካል ን: Mitte, Friedrichshain-Kreuzberg, Neukölln, Tempelhof-Schöneberg, Steglitz-Zehlendorf, Pankow, Marzahn-Hellersdorf, Lichtenberg, Reinickendorf, Treptow-Köpenick)
- ናይ ስደተኛታት ህዝባዊ ኣብያተጽሕፈት ኣብ Charlottenburg-Wilmersdorf (Hohenzollerndamm 177, 10713 Berlin; ተሓታቲ ኣካል ን: Charlottenburg-Wilmersdorf, Spandau)

**ኣብ ጆብሰንተር** :
- ምስ ቀየርካ ምዝገባ ኣብ ዝኾነ ህዝባዊ ኣብያተጽሕፈት ይከኣል ኢዩ
- ቆጸራ ንምሓዝ: service.berlin.de/dienstleistung/120686

**ክውሰዱ ዝግብኦም ሰነዳት**:
- Reisepass/Ausweisersatz und Aufenthaltstitel
- ዝተመልአ መመዝገቢ ቅጥዒ/Anmeldeformular,
- ናይ ክራይ ውዕልን መረጋገጺ ካብቲ ሓዱሽ ኣካርዩ (መረጋገጺ ካብቲ ኣከራዪ)

ናትካ ኣድራሻ ንመን ኢዩ ዘድልዮ:
ፈደራላዊ ጽሕፈትቤት ናይ ወጻእተኛታትን ስደተኛታትን፣ ናይ ወጻእተኛታት ጉዳይ መሳለጢ መደበር
ናይ ሕክምና ማዕከናት፣ ባንክ፣ ናይ ቋንቋ ትምርቲ፣ መዋእለህጻናት/ትምርቲ፣ ስራሕ...

# ብብዝሒ ዝቐርቡ ሕቶታት

**ገደብ ዘለዎ ናይ ክራይ ውዕል:**

- ናይ ክራይ ውዕል ክፍጸም ከሎ ፡ ገደብ ዝግበረሉ ምኽንያት ንተኻረይቲ ክንገር ኣለዎ። ከም ምኽንያት ክቐርቡ ዝኽእሉ: ኣካረይቲ ንርእሶም ክጥቀምሉ፣ዓዐቢ ናይ ምትዕርራይ ዕላማ ን ንትካላት ናይ ምክራይ መደብን

**ትሕጃ:**

- እዚ ዝኽፈል ከም መሕለውታ ንኣካረይቲ፣ ንዘጋጥም ብልሽትን ዘይተኸፍለ ክራይ እንተሎ ንምሽፋንን ኢዩ
- እንተበዝሐ ናይ ሰለስተ ወርሒ ክራይ ብዘይ መውዓዪ ናይ ገዛን፣ ናይ ጀርዲን ምክንኻንን፣ መኅሓፍን

**መሰረታዊ ክራይ:**

- ክራይ ብዘይ ናይ ጀርዲን መከናኸንን ናይ ጎሓፍን: ብስፍሓት ናይቲ ገዛ ብትርብዒት ሜትሮ ይትመን (ንምሳሌ ብዘይ ናይ ሓባር መውዓዪ፣ ናይ ማይ ውዑይን መጉሓፍን ወዘተ)። እዞም ዝተጠቐሱ ምስተወሰኹ Bruttokaltmiete ተባሂሉ ይጽዋዕ.

**ናይ ደላላይ:**

- ካልእ ሰብ ገዛ ንኽማጽኣልካ ዝኽፈል ገንዘብ
- እቲ ኣካርዪ ክኸፍሎ ኣለዎ። ንስኻ ክትከፍል የብልካን። ካብ መደናገርቲ ተጠንቀቕ

**ኣብቲ ገዛ ዝጸንሐ ኣቑሑት ገንዘብ ከፊልካ ምውሳድ:**

- እንድሕር ናይ ገዛ ኣቑሑት ካብቲ ቅድሜኻ ተኻርዩ ዝነበረ ክትወስድ ደሊኻ
- ድሕሪ ናይ ክራይ ውዕል ምግባርካ ክፈል። ርትዓዊ ዋጋ ምኳኑ ኣረጋግጽ (ሓዱሽ ክገዝእ ክንደይ ምኾነ ኢልካ ሕሰብ)

**Wohnungsberechtigungsschein (WBS):**

- ሕስር ዝበለ ገዛ ንክትካረ ዝወሃብ ፍቓድ („ንትሑት ዝዓቕሙ ሕብረተሰብ ዝህነጹ“ ብሓገዝ መግስታዊ ደረጃ ዝስርሑ ገዛውቲ)
- ንውሑድ ደሞዝ ዘለዎም ሰባትን ንኣብ ዝላዓለ ናይ ገዛኣልቦነት ዝርከቡን
- ኩሎም እቶም ናይ መንበሪ ፍቓድ ዘለዎም ኣብ መዕቆቢ ስደተኛታት ዝቕመጡ ሰባት WBS ክወሃቦም ይኽእል ኢዩ
- እቲ ናይ መንበሪ ፍቓድካ ብውሑድ 11 ወርሒ ግዜ ክህልዎ ኣለዎ
- መመልከቲ ጽሑፍ ኣብዚ ኣሎ: http://www.stadtentwicklung.berlin.de/service/formulare/de/wohnen.shtml

**ገዛ ምርኽኻብ:**

- ኣብቲ ናይ ገዛ ምርኽኻብ: ተኻረይትን ኣካረይትን ይርከቡ
- ጉድለትን ብልሽትን ዝሓዘ ናይ ምርኽኻብ መዝገብ/ፕሮቶኮል ይተሓዝ

# 11 ናይ ኢንተርነት ኣድራሻታት

ናይ መንበሪ ገዛ መማኸርቲ ጽሕፈትቤት ደምወዝ እንዳተኸፈሎም ዝሰርሑ:

- **EJF (ገዛ ምድላይን ምምኻርን)**
  - ejf.de/einrichtungen/migrations-und-fluechtlingsarbeit/wohnungen-fuer-fluechtlinge.html
- **Interaxion (ገዛ ምምጻእን ምምኻኣርን)**
  - interaxion-tk.de/index.php/de/ueber-uns
- **LAF (ናይ ክራይ ጉዳይ መሳለጢ ቦታ)**
  - berlin.de/laf/soziales/asyl-aussiedler/zentrale-leistungsstelle-fuer-asylbewerber

ናይ ገበርቲ ሰናይ ተበግሶ በርሊን ምስ ናይ ገዛ ምድልይ ዕላማ:

- **Nestwerk (ምምጻእ (የማጽኡ)፣ ምስናይን ምምኻርን)**
  - nestwerkberlin.de
- **Bündnis Neukölln (ምምኻርን ምስናይን)**
- buendis-neukoelln.de
- **Reinickendorf hilft (ናይ ገዛ ምምኻር)**
  - wir-netzwerk.de
- **Pankow Hilft (ናይ ገዛ ምምኻር)**
  - pankow-hilft.de
- **Wedding Hilft (ናይ ገዛ ምምኻር)**
  - wedding-hilft.de
- **AG-Wohnen Xenion (ናይ ገዛ ምምኻርን ምምጻእን)**
  - xenion.org
- **zephir (ምምኻርን ገዛ ምድላይን ንዝተፋትሑ ደቀ'ንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን)**
  - zephir.zephirev.de

እዋናዊ ዜና ኣብቲ በብግዚኡ እንዳተሓደሰ ዝጸሓፍ መዝገብ (Blog) Interaxion:

- Interaxion መንበሪ ክፍሊ
  - interaxion-tk.de/index.php/de/blog/wohnraum

12

# ኣድራሻታት ናይ ኣባይቲ ህንጻ ማሕበራት WBG

| | |
|---|---|
| DEGEWO: | • www.degewo.de |
| GESOBAU | • www.gesobau.de |
| GEWOBAG | • www.gewobag.de |
| HOWOGE | • www.howoge.de/mieten/wohnungssuche.html |
| STADT UND LAND | • www.stadtundland.de/ |
| WBM Berlin-Mitte | • www.wbm.de/de/ |
| Deutsche Wohnen | • www.deutsche-wohnen.com |
| Immodelfin | • www.immodelfin.com |
| Berlinovo | • www.berlinovo.de |
| Berolina | • berolina.info/ |
| Neues Berlin | • www.neues-berlin.de/ |
| WBG Friedrichshain | • www.wbg-friedrichshain-eg.de |
| WBG Zentrum | • www.wbg-zentrum.de |
| FriedrichsHeim e.G. | • www.friedrichsheim-eg.de/ |
| SOG | • www.sog.berlin |
| BGP | • www.bgp-am.com/de/home.html |
| Vonovia | • www.vonovia.de/ |
| Alexandra Stiftung | • www.hws-berlin.de/startseite0/ |
| BEWOGE | • www.wbm.de/ |
| KÖWOGE | • www.degewo.de/content/de/Service/_3-0-Kundenzentren/Koepenick.html |
| WohnBau Pankow | • www.ewg-pankow.de/ |
| GW Neukölln | • www.gwneukoelln.de/ |
| GWG Berliner Bär | • www.berliner-baer-koepenick.de/home/ |
| Treptow Süd | • www.wg-treptow-sued.de/ |
| Altglienicke | • www.wg-altglienicke.de/ |
| Wendenschloss | • www.wbg-wendenschloss.de/ |
| Amtsfeld | • www.wbg-amtsfeld.de/ |
| Treptow-Nord | • www.wbg-treptow-nord.de/ |
| Mittendrin im Wuhletal | • www.mittendrin-im-wuhletal.de |
| WGJO | • www.wgjo.de/ |
| WBG Köpenick Nord | • www.koepenick-nord.de |

## Mietobergrenzen nach AV Wohnen, 1. Dezember 2019

| Größe Bedarfs-Gemeinschaft | Richtwert Bruttokalt in Euro | Bruttokalt + 10% in Euro | Bruttokalt + 20% in Euro | Bruttokalt + 30% in Euro | Bruttokalt + 40% in Euro | Gebäude-Fläche in m² | Grenzwert Heizkosten Erdöl in Euro | Grenzwert Heizkosten Erdgas in Euro | Grenzwert Heizkosten Fernwärme in Euro | Abschlag bei dezentraler Warmwasser-versorgung |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 1 Person | **421,50** | 463,65 | 505,80 | 547,95 | 590,10 | 100-250 | 76,00 | 68,50 | 89,00 | -6,00 |
| | | | | | | 251-500 | 72,50 | 63,00 | 84,00 | |
| | | | | | | 501-1000 | 70,00 | 58,50 | 79,50 | |
| | | | | | | >1000 | **68,00** | **55,50** | **76,50** | |
| 2 Personen | **495,00** | 544,50 | 594,00 | 643,50 | 693,00 | 100-250 | 91,20 | 82,20 | 106,80 | -8,00 |
| | | | | | | 251-500 | 87,00 | 75,60 | 100,80 | |
| | | | | | | 501-1000 | 84,00 | 70,20 | 95,40 | |
| | | | | | | >1000 | **81,60** | **66,60** | **91,80** | |
| 2 Personen (Alleinerziehend mit einem Kind) | **509,60** | 560,56 | 611,52 | 662,48 | 713,44 | 100-250 | 98,80 | 89,05 | 115,70 | -8,00 |
| | | | | | | 251-500 | 94,25 | 81,90 | 109,20 | |
| | | | | | | 501-1000 | 91,00 | 76,05 | 103,35 | |
| | | | | | | >1000 | **88,40** | **72,15** | **99,45** | |
| 3 Personen | **627,20** | 689,92 | 752,64 | 815,36 | 878,08 | 100-250 | 121,60 | 109,60 | 142,40 | -10,00 |
| | | | | | | 251-500 | 116,00 | 100,80 | 134,40 | |
| | | | | | | 501-1000 | 112,00 | 93,60 | 127,20 | |
| | | | | | | >1000 | **108,80** | **88,80** | **122,40** | |
| 4 Personen | **705,60** | 776,16 | 846,72 | 917,28 | 987,84 | 100-250 | 136,80 | 123,30 | 160,20 | -11,00 |
| | | | | | | 251-500 | 130,50 | 113,40 | 151,20 | |
| | | | | | | 501-1000 | 126,00 | 105,30 | 143,10 | |
| | | | | | | >1000 | **122,40** | **99,90** | **137,70** | |
| 5 Personen | **848,64** | 933,50 | 1018,37 | 1103,23 | 1188,10 | 100-250 | 155,04 | 139,74 | 181,56 | -13,00 |
| | | | | | | 251-500 | 147,90 | 128,52 | 171,36 | |
| | | | | | | 501-1000 | 142,80 | 119,34 | 162,18 | |
| | | | | | | >1000 | **138,72** | **113,22** | **156,06** | |
| jede weitere Person | **99,84** | 109,82 | 119,81 | 129,79 | 139,78 | 100-250 | 18,24 | 16,44 | 21,36 | -2,00 |
| | | | | | | 251-500 | 17,40 | 15,12 | 20,16 | |
| | | | | | | 501-1000 | 16,80 | 14,04 | 19,08 | |
| | | | | | | >1000 | **16,32** | **13,32** | **18,36** | |

Zuschlag +10% für Sozialwohnungen (WBS)
Zuschlag +20% für Wohnungslose oder von Wohnungslosigkeit bedrohte Menschen
Zuschlag +10% für Härtefälle (Alleinerziehende, Schwangere, Kranke, Behinderte, Ende der Jugendhilfe,...)
**Diese Zuschläge zum Richtwert der Bruttokaltmiete können je nach persönlicher Situation addiert werden.**
**Klimabonus und Überschreitung dieser Richtwerte müssen im Einzelfall beantragt werden. Heizkosten Wärmepumpen sind extra geregelt.**

*Quelle: SenIAS zusammengestellt von Xenion AG Wohnen*